**ትሕዝቶ**
-ጸሎት ምስ እግ/ር ምዕያይ እዩ..1
-ምሕላው ኣእምሮ ደቅና……….5
-መራሒ መርከብ ህይወተይ……6
-ናይ ኣየናይ መንፈስ ኢና……..7
-ናይ ዘለኣለም ህይወት ንዝደልዩ..7

# መጽሄት ሻሎም



ቁ. 2.10

"መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ፡ ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን።" (ዮሃ14፡6)

ዓምዲ-ጸሎት

# ጸሎት ምስ እግዚኣብሄር ምዕያይ እዩ

## ቀዳማይ

እግዚኣብሄር ክዓይይ ከሎ ብፍሉይ ዝኾነ ሕግን ብንጹር ዝኾነ ኣገባብን እዩ ዝሰርሕ። ዋላኳ ንሱ ድላዩ ክገብር ዝኽእል ይኹን፡ ብዘይ ጥንቃቐ ግን ኣይኮነን ዝሰርሕ። ንሱ ብውሱን ዝኾነ ሕግን ኣገባብን እዩ ንዕዮኡ ዘካይድ። ክሕተት ኣይክኣልንዩ፡ ንሱ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ከምኡውን ንሱ ፈጺሙ ድላዩ ክገብር ዝኽእል ስለ ዝኾነ፡ ነቲ ኩሉ ሕግታትን ኣገባባትን ክጥሕሶ ይኽእል እዩ። ግናኸ፡ ሓደ ዘስተንክር ነገር ኢና ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንረክብ፡ ሕልፊ ዝኾነ ዕብየትን ድላዩ ክገብር ክኣልነት እኳ እንተሃለዎ። እግዚኣብሄር በቲ ንሱ ዘንብሮ መስመር ሕጊ ወይ ኣገባብ እዩ ዝሰርሕ። ንሱ በቲ ናቱ ዝኾነ ሕጊ ብእኡ ክቕየድ ፍቓደኛ እዩ።

እምበኣርሲ ሕጂ፡ ኣምላኽ ዝዓየሉ ኣገባብ እንታይ እዩ፦ ንዕዮ ኣምላኽ ቀዲሙ ክመጽእ ዘለዎ ኣገባብ፡ ኣምላኽ ንሰባት ክጽልዩ ምድላይ እዩ፡ ንሱ ክዓይይ እንተኾይኑ ሰብ ምስኡ ብጸሎት ክሓብሮ እዩ ዝደሊ።

ሓደ ጊዜ፡ ከመይ ገይርካ ከም ዝጽለ ዝፈልጥ ሓደ ክርስትያን ነበረ፡ ንሱ ከምዚ በለ፣ ኩሉ መንፈሳዊ ዕዮ ኣርባዕተ ደረጃታት ኣለዎ፡ ቀዳማይ ሓሳብ ኣምላኽ፡ እዚ ማለት ከኣ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። ካልኣይ፡ ኣምላኽ ንደቂ ብመንፈስ ቅዱስ ነቲ ፍቓዱ ይገልጸሎም፡ ነቲ ናቱ ፍቓድን ምኽርን ድሌትን ትጽቢትን ኪፈልጡ ይገብር። ሳልሳይ ደረጃ፡ እቶም ደቂ ነቲ ፍቓዱ ብጸሎት ናብኡ ይመልስዎ፡ ምኽንያቱ ጸሎት ምላሽ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ - ልብና ብኣምላኽ ምስ ልቢ ኣምላኽ ሓደ እንተኾይኑ ብጸሎትና ነቲ ንሱ ክገብሮ ዝደሊ ኢና እነድህይ። እቲ ራብዓይ ደረጃ ኸኣ፡ ኣምላኽ ነዚ ነገር ክፍጽሞ እዩ።

ኣብዚ ዘገድሰና እቲ ቀዳማይ ደረጃ ኣይኮነን፡ ካልኣይውን ኣይኮነን፡ ግናኸ እቲ ሳልሳይ ደረጃ እዩ - ከመይ ጌርካ ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ብጸሎት ጌርካ ናብ እግዚኣብሄር ትመልሶ። በጃኹም ነዛ "ትመልሶ" ትብል ቃል ነስተውዕለላ፡ ኩሉ ብቑዕ ዝኾነ ጸሎት እዛ ባእታ ኣለዎ። ጸሎትና ንናትና መደብን ድሌትን ንምፍጻም እንተኾይኑ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ብዙሕ ዋጋ ዘለዎ ኣይኮነን። መበቀል ጸሎት ካብ ኣምላኽ ክኸውን ኣለዎ፡ ናብኡ ድማ ብኣና ክምለሽ ኣለዎ። ከምዚ ጥራይ እዩ ትርጉም ዘለዎ ጸሎት፡ ምኽንያቱ ዕዮ ኣምላኽ ብጸሎት እዩ ዝቕየድ። ኣምላኽ ክዓዮ ዝደሊ ብሓቂ ክንደይ እዩ፡ ግናኸ ዕዮኡ ኣየካይድን እዩ ምኽንያቱ ህዝቡ ኣይጽልዩን እዮም። ንሱ ሰባት ምስኡ ክሳዕ ዝሰማምዑ ክጽበ እዩ፡ ብድሕሪኡ ክሰርሕ እዩ። እዚ ሓደ ዓቢ ኣገባብ እዮ ኣምላኽ እዩ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝርከብ ሓደ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣገባብ ዕዮ ድማ የቕውም።

## ካልኣይ

ነዚ እንብሎ ዘሎና ዝገልጽ ኣብ ህዝ36፡37 ዘሎ ቃል ኣዝዩ ዘገርም ቃል እዩ፡

*"እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ምስናይ እዚ፡ ንቤት እስራኤል እዚ ኽገብረሎምሲ ክልመነሎም እየ። ነቶም ሰብ ከም መጓሴታት ኣባጊዕ ከብዝሖም እየ።"*

ኣብዚ ቃል፡ እግዚኣብሄር መደብ ከም ዘለዎ ተዛረበ፡ ንቤት እስራኤል ከም መጓሴታት ኣባጊዕ ከብዝሖም ምዃኑ ተዛረበ። እዚ ኣምላኽ ዝወሰኖ ፍቓዱ እዩ። ግናኸ ንሱ ነዚ ነገር ብቕጽበት ኣይፍጽሞንዩ፡ ክጽበ እዩ። ምኽንያት መጸበይኡ እንታይ እዩ፦ እግዚኣብሄር በለ "ምስናይ እዚ ንቤት እስራኤል እዚ ኽገብረሎምሲ ኽልመነሎም እየ።" ንሱ ንቤት እስራኤል ከብዝሖም ወሲኑ እዩ፡ ግና ነዚ ኽገብረሎም ክሳብ ደቂ እስራኤ ል ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ዝልምንዎ ክጽበ እዩ። **(ናብ 2[ይ] ገጽ ይቕጽል)**

### ምህዳእ ካበይ ይርከብ

ህድኣትና ናብ ጐይታ ብምጥማት ጥራይ እምበር ንገዛእ ርእስና ብምጥማት ኣይኮነን ዝርከብ። ብመጠን ንጐይታ ዝጠመትናሉ ክንድኡ መጠን ረድኤትና ክበዝሕ እዩ። ህድኣትና በቲ ጐይታ የሱስ ዝፈጸመልና ዕዮ እምበር በቲ ነዊሕ ዘይጸንሕ ተሞክሮና ኣይኮነን። ሓቀኛ መንፈሳዊ ህይወት ኣብ ቀጻሊ ዝኾነ ምምርማር ንስምዒታትናን ንሓሳባትናን ዘይኮነ ግናኸ ኣብ ምጥማት ንመድሓኒና እዩ ዝምርኮስ። ስለዚ ብኹሉ መንፈሳውነትና ኮነ እንሓልፎ ነገራትና ፡ ንርእስና እንተጠመትና ክንወድቕ ኢና፡ ግናኸ ናብቲ፡ ሕፍረት ንዒቑ፡ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰን ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን የሱስ ንጠምት ሸዑ ክንሃድእ ኢና ። (እብ12፡2)።

# ጸሎት ምስ እግዚኣብሄር...

**(ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ)**

ነስተውዕል፡ ንሱ ብዙሕ ነገራት ክካይድ ኢሉ ፍትሒ የውጽእ እኳ እንተኾነ ብኡብኡ ቀልጢፉ ኣይኮነን ዝፍጽም፡ ንሱ ቅድሚ ምብጋሱ ሰባት ብጸሎት ምስኡ ክሳብ ዝሓብሩ ይጽበ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጊዜ ፍቓድ ኣሎኒ ኢሉ ብቕልጡፍ ብኡብኡ ኣይዓይይን እዩ፡ ኣይፋሉን፡ ንሱ ይጽበ እዩ፡ እወ ቅድሚ ዕዮኡ ምፍጻም ህዝቡ ክጽልዩ፡ ብጸሎት ምስኡ ክሓብሩ ይጽበ። እዚ ነገር እዚ ብሓቂ ኣዝዩ ዘገርም እዩ።

ነዚ ሓቂ ኩሉሳዕ ክንግደሰሉ ይግብኣና፡ ኩሉ መንፈሳዊ ዕዮታት ብእግዚኣብሄር ይውሰን፡ በቶም ደቁ ከኣ ክፍጸም ይጽለ፡ ብጐይታ ይብገስ በቶም ደቁ ኸኣ ርግጽ ይኸውን። እዚ ኣብ መንፈሳዊ ዕዮ ዓቢ ዝኾነ ስርዓት(ኣገባብ) እዩ። እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል "ምስናይ እዚ ንቤት እስራኤል እዚ ኽገብረሎምሲ ኽልመነሎም እየ።" ንሱ ዕዮኡ ክገብር ንቤት እስራኤል ይጽበ። ሓንቲ መዓልቲ ቤት እስራኤል ብሓቂ እንተ ለመኑ እሞ ንሱ ኸኣ ብዘይ ምድንጓይ ክፍጽመሎም እዩ።

ነዚ ስርዓት ዕዮ እግዚኣብሄር ኣስተውዒልናዮዶ፦ ንሱ ሓደ ነገር ምስ ኣበገሰ፡ ንጊዜኡ ክሳብ ንሕና እንጽሊ ይጽበ። ማሕበር ኣምላኽ(ቤተ-ክርስትያን) ካብ እትስረት ጀሚሩ እግዚኣብሄር ብዘይ ጸሎት ደቁ ኣብ ምድሪ ምንም ኣይገብርን እዩ። ካብ ደቁ ዘለዉ ጊዜ ጀሚሩ፡ ንሱ ንኹሉ ነገር ከም መጠን ጸሎቶም እዩ ዝገብር። ንሱ ንኹሉ ነገር ኣብ ጸሎቶም እዩ ዘምብር። ስለምንታይ ንሱ ብኸምዚ መገዲ ዕዮኡ ይፍጽም ኣይንፈልጥን ኢና፡ ግናኸ ንሕና እዚ ሓቂ ምዃኑ ንፈልጥ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ናብዚ ኸምዚ ትሕት ክብል፡ ብደቁ ፍቓዱ ክፍጽም ኣስሚርዎ እዩ፡፡

ነዚ ጉዳይ ተወሳኺ መብርሂ ኣብ ኢሰ62፡6-7 ኣሎና፡

*ዎ የሩሳሌም፡ ኣብ ልዕሊ ቐጽርኺ ሓለውቲ ኣቐመ ኣሎኹ፡ ለይትን መዓልትን ከቶ ስቕ ኣይክብሉን እዮም። ኣቱም ንእግዚኣብሄር እተዘክርዎ፡ ኣይተዕርፉ። ንየሩሳሌም ክሳዕ ዜጽንዓ፡ ኣብ ምድሪውን መመስገኒት ኽሳዕ ዚገብራ ኣይተዕርፍዎ። (ኢሰ 62፡6-7)።*

*እግዚኣብሄር ንየሩሳሌም ኣብ ምድሪ መመስገኒት ኽገብራ ደለየ፡ ነዚ ከመይ ገይሩ እዩ ዝፍጽሞ፡ ንሱ ኣብ ልዕሊ ቐጽሪ የሩሳሌም ክቔዝሙ ኢሉ ሓለውቲ ኣቐመ። ከመይ ጌሮም እዮም ዝቔዙሙ፦ "ለይትን መዓልትን ስቕ ኣይኪብሉን እዮም"* - ንሕና ናብኡ ከየቋረጽና ብብኽያት ኣይነዕርፎ። ክሳብ ንዕዮኡ ዝፍጽሞ ከየቋረጽና ንጸሊ። ዋላኳ ጐይታ ንየሩሳሌም ኣብ ምድሪ መመስገኒት ክገብራ ፈቒዱ እንተኾነ፡ ኣብ ቀጽራ ግና ሓለውቲ ኣቐሙ፡ ብጸሎቶም ክፍጽሞ እዩ። ንሱ ሓንሳእ ጥራይ ክጽልዩ ኣይኮነን ኣጠንቂቕዎም፡ ግናኸ ብዘይ ምቁራጽ ክጽልዩ እዩ ኣዚዝዎም። ክሳብ እቲ ፍቓዱ ዝፍጸም ምጽላይ ንቐጽል። ብኻልእ ቃላት ድማ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ብጸሎት ሰብ ይምራሕ እዩ። ጐይታ ክንጽሊ ንኣና ይጽበ ኣሎ፡ ኣሕዋተይ ብዘሎ ትሕዝቶ ፍቓድ ኣምላኽ ብእኡ ብኣምላኽ እተወሰነ እዩ፡ ንሕና ኣይኮናን እንፍጽሞ፡ ኣብቲ ውሳነ ድማ ተኻፈልቲ ኣይኮንናን፡ እዚ ነገር ብንጹር ይረድኣና። ግናኸ ኣብቲ ፍቓዱ ምፍጻም ብጸሎትና እዩ ዝምራሕ።

ሓደ-ጊዜ ሓደ ሓው ከምዚ ኣስተውዓለ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ከም ባቡር እዩ፡ ናትና ጸሎት ከኣ ከም ሓዲድ ባቡር እዩ። ባቡር ናብ ዝኾነ ቦታ ክትከይድ ትኽእል ትኸውን፡ ግናኸ ግድን ሓዲድ ክህሉ ኣለዎ። እታ ባቡር ናብ ምብራቕ፡ ናብ ምዕራብ፡ ናብ ደቡብ ከምኡውን ናብ ሰሜን ክትከይድ ዓቢ ሓይሊ ኣለዋ፡ ግናኸ ምስዚ ኩሉ ሓይላ ናብቲ ሓዲድ እተነጽፎ ስፍራታት ጥራይ እያ ክትከይድ እትኽእል። ከምኡ ድማ እቲ ብዓል ኩሉ ሓይሊ እግዚኣብሄር፡ ንሱ ልክዕ ከምታ ባቡር ዝመሰልናዮ፡ ሓይሊ ኣለዎ፡ ግናኸ ንሱ ብናይ ሰብ ጸሎት ክምራሕ ስለ ዝሓረየ፡ በዚ ምኽንያት ኩሉ ዋጋ ዘለዎ ጸሎታት (ከምቲ ሓዲድ ባቡር) ንእግዚኣብሄር መገዲ እዩ ዘንጽፈሉ። እምበኣርሲ፡ ናይ ጸሎት ሓላፍነት እንተ ዘይወሰድና፡ ፍቓድ ኣምላኽ ከይንፍጸም ከልከልቲ ኮይንና ክንርከብ ኢና።

## ሳልሳይ

እግዚኣብሄር ንሰብ ክፈጥሮ ከሎ ነጻ ዝኾነ ፍቓድ እዩ ሂብዎ። ስለዚ ኣብ ኣድማስ (the-whole-universe) ሰለስተ ፍቓድ ኣለዉ፡ ንሳቶም ከኣ፡ ፍቓድ ኣምላኽ፡ ፍቓድ እቲ ጸላኢ ዝኾነ ሰይጣን፡ ከምኡውን ፍቓድ ሰብ እዮም። እግዚኣብሄር ንሰይጣን ብሓጺር ህሞት ስለምንታይ ዘየጥፍኦ ኢሎም ሰብ ይግረሙ ይኾኑ፡ እግዚኣብሄር ይኽእል እዩ ግና ኣይገበሮን፡ ስለምንታይ፦ ምኽንያቱ ንሱ ንሰይጣን ኣብ ምጥፍኡ ሰብ ምስኡ ክሓብሩ ይደሊ። እምበኣርሲ እግዚኣብሄር ፍቓድ ኣለዎ፡ ሰይጣን ከኣ ናቱ ዝኾነ ፍቓድ ኣለዎ፡ ሰብ ድማ ናቱ ዝኾነ ፍቓድ ኣለዎ። እግዚኣብሄር ናይ ሰብ ፍቓድ ምስ ናቱ ፍቓድ ክጽምበር ይደሊ። ንሱ ንሰይጣን ባዕሉ ኣየጥፍኦን እዩ፡ እግዚኣብሄር ንምንታይ ብኸምዚ መገዲ ኽኸውን ከም ዝመረጸ ብምሉእ ኣይንፈልጥን፡ ግናኸ ብኸምዚ መገዲ ክኸውን ንእኡ ኣስሚርዎ ምዃኑ ኢና እንፈልጥ። ንሱ ብዘይ ጸሎት ብግሉ ክዓይይ ኣይፈተወን፡ ሰባት ብጸሎት ኣብ ዕዮኡ ክሓብሩ ይጽበ። እዚ እዩ ከኣ ሓላፍነት ማሕበር(ቤተክርስትያን) ኣብ ምድሪ።

እግዚኣብሄር ገለ ነገር ክገብር ምስ ዝደሊ። መ-መርታ ነቲ ናቱ ሓሳብ ብመንፈስ ቅዱስ ጌይሩ ኣባና ይምብሮ። ነዚ ናቱ ሓሳብ ብጸሎት ናብኡ ምስ ተመልሰ ጥራይ እዩ ስርሑ ዘካይድ። ከምዚ እዩ መስርሕ ዕዮ ኣምላኽ፡ በዚ ከምዚ እንተ ዘይከይዱ እግዚኣብሄር ብካልእ መገዲ ኣይሰርሕን እዩ። ንሱ ሰባት ምስኡ ክሓብሩ ይደሊ። እግዚኣብሄር ብዘይ ናይ ሰባት ጣልቃ ንኹሉ ነገር ይገብሮ እንተዝኸውን፡ ናትና ህላውነት ኣብ ምድሪ ኣይመድለየን፡ ፍቓዱ እንታይ ምዃኑውን ምፍላጥ ኣይመድለየናን። ግናኸ ንሱ ናትና ፍቓድ ምስቲ ናቱ ፍቓድ ሓደ ክኸውን ጸዊዑና እዩ እሞ ኩሉ ፍቓድ ኣምላኽ ብኣና እዩ ዝኸውን።

ስለዚ ቀዳማይ ስጉምቲ ኣብ ፍቓድ ኣምላኽ ምፍጻምና ብጸሎት ንፍቓዱ ምድሃይ እዩ። ፍቓድ ኣምላኽ ብጸሎትና እዩ ምሉእ ዝኸውን፡ ብሓቂ ጸሎት ዕዮ ምዃኑ ኣብዚ እንተ ዝርኣናዮ። ካብ ጸሎት ንላዕሊ ዘገድስ ካልእ ዕዮ የለን፡ ምኽንያቱ ጸሎት ንፍቓድ ኣምላኽ ክፍጸምን ክግለጽን ዝገብር እዩ (There is no work more important than prayer because prayer accomplishes as well as expresses the will of God)። እምበኣርሲ፡ ካብ ናይ ፍቓድ-ርእሰኻ (Self-will) ዝመጽእ ኩሉ ጸሎት ከንቱ እዩ። ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዝኾነ ጸሎት ካብ እግዚኣብሄር እዩ መበቆሉ፡ ብመንፈስ ቅዱስ እዩ ዝግለጸልካ፡ ብጸሎት ከኣ ናብ ኣምላኽ

ይምለስ። ጸሎት ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዝብሃል ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ዝብገስ እዩ። ካባና ዝመበገሲኡ ጸሎት መንፈሳዊ ብቕዓት ዘይብሉ ጸሎት እዩ።

ታሪኽ ቤተክርስትያን ክነንብብ ከሎና፤ ኩሉ ዓበይቲ ምንቕቓሕ ኩሉሳዕ ብጸሎት ዝመጸ ምዃኑ ኢና እነንብብ፤ እዚ ከኣ ጸሎት ንእግዚኣብሄር ነቲ ንሱ ዝደለዮ ክገብሮ ዘኽእሎ ምዃኑ እዩ ዘርእየና። ነቲ ንሱ ክገብሮ ዝደለዮ ብሰንክና ቁሩብ ክድንጉይ ዝኽእል እኳ እንተኾነ፤ ነቲ ንሱ ዘይደልዮ ክገብሮ ግን ክንልምኖ ኣይንኽእልን ኢና። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ፍጹም እዩ፤ ስለዚ ንሕና ክንቅይሮ ኣይንኽእልን ኢና፤ ነቲ ንሱ ክገብሮ ዘይደሊ ክገብሮ ክንግድዶ እይንኽእልን ኢና። ከምኡውን ነቲ ንሱ ክገብሮ ዝደሊ ከይገብሮ ከነእምኖ ኣይንኽእልን ኢና። ዋላኳ ንሕና ናይ ፍቓዱ መተሓላለፍቲ ክንከውን እተጸዋዕና እንተኾንና ምስኡ ኣብቲ ዕዮ ኣምላኽ ብጸሎት እንተዘይሓቢርናዮ ብዘይጥርጥር ዓገትቲ ኮይንና ክንርከብ ኢና።

በዚ ምኽንያት እምበኣር፤ ጸሎትና ነቲ እግዚኣብሄር ክገብሮ ዘይደልዮ ወይ ንፍቓዱ ክቕይሮ ክኸውን የብሉን ፤ ጸሎትና በቓሊሉ ፍቓዱ ንክፍጸም እዩ ክኸውን ዘለዎ፤ እዚ እዩ ኸኣ ነቲ ንሱ ክገብሮ ዝደሊ ኝክገብሮ ዘኽእሎ። ምናልባት፤ ነቲ ንሱ ክገብሮ ዘይደልዮ ክገብሮ እዩ ኢልና ብትጽቢት እንተ ጸለና ጸሎትና ዓስቢ ዘለዎ ኣይኮነን እሞ ከንቲ ጻዕሪ ኢና ነካይድ ዘሎና። ኣምላኽ ክሰርሕ ፍቓደኛ እንተኾነ፤ መንዩ ንእኡ ክዓይይ ክግድዶ ዝኽእል፦ ሓደ ነገር ጥራይ ኢና ክንገብር እንኽእል፤ ንሱ ኸኣ፤ ነቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ጥራይ ኢና ክንልምን እንኽእል፤ ብድሕርዚ ምስኡ ብሓደ ስለ ዝሓበርና ንሱ ንዕዮኡ ክፍጽሞ እዩ።

ኣብነት ንውሰድ ብዛዕባ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ ብመዓልቲ በዓል ሓምሳ። ኣማኢት ዓመታት ቅድሚ መዓልቲ በዓል ሓምሳ፤ ብዘመን ነቢይ ዮኤል፤ ኣምላኽ ብዛዕባ ምምጻእ መንፈስ ቅዱስ ጠቒሱ እዩ። ግናኸ እቶም ሓያሎ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ተኣኪቦም ምስ ጸለዩ እዩ መጺኡ። ዋላኳ ምምጻእ መንፈስ ቅዱስ ቅድሚ ነዊሕ እዋን ብእግዚኣብሄር እተመኽረ እንተኮ[illegible]፤ ሰባት ክሳብ ዝጽልዩ ግና ጸንሐ። እግዚኣብሄር ብዙሕ ነገር ክገብር መደቡ እዩ፤ ሰባት ምስ ጸለዩ ግና እዩ ክሰርሕ ዝደሊ። ንሱ ናትና ፍቓድ ይጽበ ኣሎ። ንሱ ባዕሉ ፍቓደኛ እዩ፤ ግና ንሕናውን ምስኡ ፍቓደኛታት ክንከውን ይደልየና። ንሱ ክንደይ ነገራት ኮን እዩ ክገብሮ ዝወሰነ፤ ግና ይጽበ ኣሎ፤ ምኽንያቱ ንሕና ንእኡ ምስምማዕና ኣይገለጽናሉን። ንእግዚኣብሄር ንሱ ዘይደልዮ ክገብሮ ክንደፋፍኦ ዘይንኽእል እኳ እንተኾንና፤ ግናኸ ነቲ ንሱ ብዘይጥርጥር ክገብሮ ዝደሊ ክንልምኖ ብርግጽ ንኽእል ኢና፤ ኣቤት እዚ እንተዝግለጸልና! ብተደጋጋሚ እዩ መንፈሳዊ በረኸት ዘምልጠና ምኽንያቱ ብጸሎትና ንፍቓድ ኣምላኽ ኣይንገልጾን ኢና - ንፍቓድ ኣምላኽ ክንጽሊ ይግባእ ብድሕሪኡ መንፈሳዊ በረኸት ኣይከምልጠናን እዩ።

ማንም ኣማኒ ነቒሑ ንዕዮ ጸሎት ተወፊዩ እንተተንስኣ፤ ክንደይ ብሉጽ እዩ እዚ። እግዚኣብሄር ከኣ ዕዮኡ ምእንቲ ክፈጽም ነዞም ከምዚኦም ዝበሉ ሓቢሮም ምስኡ ምእንቲ ክዓዩ ዝጽበ ዘሎ። ገለ ክርስትያናት፤ ስለምንታይ እዩ ኣምላኽ ብዙሓት ሓጢኣተኛታት ዘየድሕን፤ ስለምንታይ እዩ ኩሉ ኣማኒ ክስዕር ዘይገብር፤ ይብሉ። ብዘይጥርጥር ሰባት እንተጸለዮም ንሱ ነዚ ክገብሮ እዩ፤ ኣነ ብልቢ እዚ እየ ዝኣምን። ንሱ ኝኸይሰርሕ ኣይኮነን ፍቓዱ፤ ብቐሊሉ ንሱ ቅድም ምስኡ ሓቢሮም ዝዓዩ ሰባት እዩ ክረክብ ዝደሊ። ሰባት ምስኡ ክዓዩ ምስ ዝጀምሩ፤ ብኡብኡ ንሱ ስርሑ ይፍጽም። ኣብ ኩሉ መንፈሳዊ ዕዮታት፤ ጐይታ ካብ ደቁ ጸሎት ይጽበ። ሓደ ነገር ተሰሪሑዶ ወይስ ኣይፋሉን፤ ኣብ ናይ ደቁ ክሳብ ክንደይ ይጽልዩ ኣብኡ እዩ ዝርከስ። ስለዚ ምስ ፍቓዱ ተሰማሚዕና ክንእውጅ ኣሎና፤ እግዚኣብሄር ክባርኸና ይጽበ እዩ ዘሎ። ሕጂ እቲ ሕቶ ከምዚዩ ዝብል፤ ክንጽሊዶ ኢና፦

እቶም ንኣምላኽ ዘይፈልጥዎ ኣብዚ ጥበብ ከምዚሎም ይሕጭጩ እዮም፤ ኣምላኽ ገለ ነገር ክገብር ይደሊ እንተኾይኑ ፤ ስለምንታይ ሽዑ ዘይገብሮ፤ ስለምንታይ ሰባት ክጽልዩ ዝደልዮም፦ኩሉ ዝፈልጥዶ ኣይኮነን፦

ኣምላኽ ብብዝሒ ጸሎት ኣይርበሽንዶ እዩ፦ ንሕና ደቂሰባት ነጻ ዝኾነ ፍቓድ ከምዘሎና ኣብ ሓሳብናሞ ንሓዞ፤ ከምቲ ጐይታ ንፍቓዱ ክገድፎ ዘይክእሎ፤ ንናትና ፍቓድ ከኣ ኣይግድዶን እዩ። ንሱ ፍቓዱ ብኣና እንተዘይተጸለየ ክጽበየና እዩ። ግና፤ ከምቲ ኣብ ሰማይ ኣብ ምድሪ ፍቓዱ ክፍጸም ኣይደልንዶ እዩ፦ ስለምንታይ ደኣ ገስጊሱ ነቲ ዕዮኡ ዘይፍጽም፦ ስለምንታይ ደኣ ጐይታ ንደቀ መዛሙርቲ ክጽልዩ "ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ስምካ ይቀደስ መንግስትኻ ትምጻእ ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን" ክብሉ ዝምሃሮም፦ መንግስቱ ክትመጽእ ይደሊ እንተኾይኑ፤ ስለምንታይ ብቐጥታ ዘይትመጽእ፦ ንምንታይ ደቀመዛሙርቲ "መንግስትኻ ትምጻእ" ኢሎም ምጽላይ የድልዮም፦ ንምንታይ፤ እግዚኣብሄር ብርግጽ ስሙ ብኹሉ ክኽብር ይደሊ እንተኾይኑ ንምንታይ ንደቀመዛሙርቲ "ስምካ ይቀደስ" ኢልኩም ጸልዩ ክይበለ ባዕሉ ከምኡ ዘይገብሮ፦ እዚ ኹሉ ዝኾነሉ ምኽንያት ካልእ ዘይኮነ፤ እግዚኣብሄር ብግሉ ክዓይይ ስለዘይመረጸ እዩ። ንሱ ኩሉ ዝኽእል እዩ፤ ግናኸ ከምቲ ንባጐኒታት ባቡር ክንቀሳቐስ ሓዲድ ክንጸፈሉ ዘለዎ፤ ንሱ ፍቓዱ ክፍጽም ጸሎት ይደሊ። ከም ብዝሒ ሓዲድ ዘንጸፍና፤ እቲ ዕዮታት ኣምላኽ ክንድኡ መጠን ዕዙዝ ክኸውን እዩ።

## ራብዓይ

ከመይ ጌርና ንፍቓድ ኣምላኽ ሓዲድ ነብረሉ፦ እቲ መልሲ "ብኹሉ ጸሎትን ልማኖን ኩሉ ሳዕ ብመንፈስ እናጸለኹም፤ ስለ ኹሉም ቅዱሳን ብጸሎት ንቕሑ" (ኤፌ6፡18)። ጸሎትና ናብ ብዙሕ ኣንፈታት ክበጽሕ ኣለዎ፤ ከይቀበጽና ክንጽሊ ኣለና፤ ውሱኑን ሓፈሻውን ጸሎታት ንጸሊ። ክዝርጋሕ ከሎ ጸሎታትና ኣዝዩ ስሑው እዩ፤ ንሰይጣን ሰሊኹ ክኣቱ ዕድል ዝህቦ ብዙሕ ቀዳዳት እዩ ዘለዎ። ጸሎታትና ብጽኑዕ እንተተጠምረን ብስጡም እንተተተሓለወ ን፤ ጸላኢ ከዕኑ ዕድል ኣይክህልዎን እዩ።

ንኣብነት ሓደ ሓው ንኣገልግሎት ጐይታ ክወጽእ ከሎ፤ ፍቓድ ኣምላኽ ምእንቲ ክፍጽም ሓዲድ ክንንጽፈሉ ይግባእና። ሒደትን ሓፈሻዊ ዝኾናን ቃላት ጸሎት፤ ጐይታ ክባርኾ፤ ክሕልዎ፤ ዘድልዮ ከመልኣሉ፤ ከምዚ ጥራይ እንተጸሊና፤ መርበብ ጸሎትና ብስሑው እተዘርግሐ እዩ። ንሓደ ሰብ ክንጽልየሉ እንተደሊና ስጡም ዝኾነ መርበብና ናብኡ ኣቢልና ንዘርግሕ፤ ሰይጣን ከኣ ገለ ቀዳድ መስሎኺ ክስእን እዩ። እምበኣርሲ፤ ከመይ

ኣቢልና ኢና ክንሊ ዘሎና፥ ከምቲ ዝበልናዮ እቲ ሓው ከገልግል ክወጽእ ከሎ፥ ስለጥዕናኡ ንጸሊ፥ ስለታ ዝኸደላ ባቡር፥ ስለኩሉ ጉዕዞኡ፥ ስለ ዝጸንሓሉ ቦታ፥ ስለ ዝረኸቦም ሰባት፥ ስለ ዕዩኡ፥ ኩሉ ፍቓድ ኣምላኽ ዘበለ ኣብኡ ክፈጸም፥ ክንጽሊ ኣለና። ኣጥቢ'ቕና እንተጸሊናሉ፥ ሰይጣን ከጥቅዓሉ ዝኣትወሉ ኣይክህልዎን እዩ። ስለዚ ናይ ጸሎት ዕዮ ብሓቂ ዕዮ እዩ፥ ኩሎም ሕማቓትን ዓያሱን ዘይግዱሳትን ከምዚ ዕዮ ክሰርሑ ኣይክእሉን እዮም። ኣብዚ ሓደ ካልእ ምህሮ ክንምሃሮ ዘሎና ኣሎ።ሰይጣን ካብ ግምትና ንላዕሊ ውዲቱ ብዙሕ እዩ። ስለ ኩሉ፥ ክሳብ እቲ ናይ መጨረሻ፥ እናጸብጸብና ክንጽሊ ኣይንኽልን ኢና፥ ስለዚ ከምዚ ኢልና ጥራይ ኢና ክንጽሊ ንኽእል ፥ "ዎ ጐይታ፥ ካብ ሰይጣን ንዝመጸእ ዘበለ፥ ብሉጽ ደም ወድኻ ይመልሰሉ።" ንኹሉ ዕዮታት ጸላኢ መልሱ ደም ክርስቶስ የሱስ  ምዃኑ ንፍለጥ። እቲ ዝበለጸ ኣንጻር ጸላኢ ክቐርብ ዝኽእል ጸሎት፥ ከምዚ ዝበለ ጸሎት እዩ። በዚ ኸኣ ጸላኢ ንህዝቢ ኣምላኽ ንምጥቃዕ ዝኣትወሉ መርበብ ኣይረክብን እዩ።

ኣብ ኩሉ ንጽልየሉ ጊዜ፥ ሰለስተ መዳይ ክንርኢ የድልየና፥ ቀዳማይ፥ ንመን ንልምን ኣለና ክንርኢ ኣለና፥ ካልኣይ ንመን ንልምነሉ ኣለና ክንፈልጥ ኣለና፥ ሳልሳይ ከኣ ፥ ኣንጻር መን ንጽሊ ከምዘለና ነረጋግጽ። ንሕና ደጋጊምና ክልተ መዳይ ጥራይ ኢና እንዝክር - ንመን ንልምን ኣለና ከምኡውን ንመን ንልምነሉ(ንጽልየሉ) እዩ። እዚ ኸኣ እቲ ቀዳማይ ኣምላኽ፥ እቲ ካልኣይ ሰብ እዩ። ናይ ጸላኢ መዳይ ግን ከይተገደስና ሸፈፍ ኢልና ኢና እንሓልፎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ጸሎት ግን፥ ንመን ንልምነሉ ኣለና ጥራይ ዘይኮነስ፥ ኣንጻር መንከ ንጽሊ ኣለና፥ ክንፈልጥ ኣለና፥ እናዞረ ዝንዝም ጸላኢ ከምዘሎና ክንፍለጥ ይግብኣና። ኣንፈት ጸሎትና ናብ እግዚኣብሄር፥ ናብ ሰባት፥ ከምኡውን ኣንጻር ጸላኢ ክኸውን ኣለዎ። ስለዝን ሰለስተ መዳያት እንተ ተጠንቀ'ቕና፥ ብርግጽ እግዚኣብሄር ክዓየልና እዩ።

ነፍሲወከፍ ብሓቂ ንጐይታ ዝዓይይ ዘበለ መርበብ ጸሎቱ ክዝርግሕ ይግባእ፥ ጐይታ ኸኣ በቲ ሰብ ጌሩ ክዓይይ እዩ። እግዚኣብሄር ክዓይይ ዘይደሊ ዘይኮነስ፥ ንሱ ሰባት ክጽልዩ እዩ ዝጽበ ዘሎ። ንሱ ክንደይ እዩ ንሰባት ናይ ጸሎት ህይወት ክህልዎም ዝደሊ፥ ፍቓዱ ክንደይ እዩ ንጸሎት ሰባት ዝጽበ። ብዙሕ ሳዕ፥ ንሸኻ ቅድሚ ንጸሎት ጊዜ ምምዳብካ ክትጽሊ ከም ዘሎካ ጾር እዩ ዝስምዓካ። ኣሕዋተይ፥ ጾር-ጸሎት ክስምዓኩም ከሎ ጸልዩ-እዚ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ምጽላይ እዩ። ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክትጽልዩ ዝድግፈኩም ዘሎ መንፈስ ቅዱስ እዩ፥ መንፈስ ቅዱስ ክትጽልዩ ከተንሳኣኩም ከሎ፥ ክትትንስኡ ኣለኩም፥ እዚ ንኩልና ዝምልከት እዩ። እንተዘይጸሊና ግን፥ ኣብ ውሽጥና ገለ ዘይምቹእ ክስምዓና እዩ፥ ኣብቲ ዘይጸለናሉ ጊዜ፥ ዝገደደ ክብደት ክስምዓና እዩ። ኣብ መጨረሻ፥ ፈጺምና እንተዘይጸሊና፥ ክሳብ ተመሊሱ ዘይተሰመዓና ክሳብ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክንጽሊ ዘጸግመና ክኸውን እዩ፥ እቲ መንፈስ ጸሎትን ጾር ጸሎትን ካባና ኣዝዩ ክሃስስ እዩ።

እግዚኣብሄር ኩሉ ሳዕ ሓሳብ ጸሎት ኣባና የንብር እዩ፥ መ- መርታ መንፈስ ቅዱስ ስለ ፍሉይ ጉዳይ ክንጽሊ ጾር የምብረልና። ብኡብኡ በታ ጾር ዝተቐበልናላ ጊዜ ርእስና ንጸሎት ክንህብ ኣለና፥ ስለቲ ጉዳይ ዋጋ ጸሎት ክንከፍል ይግብኣና። ብመንፈስ ቅዱስ ምስተንሳእና፥ ኣብ ልብና ገለ ነገር ከም እተነብረ፥ መንፈስና ብኡብኡ ጾር ክስምዖ እዩ። ስለቲ ጉዳይ ድሕሪ ምጽላይና ከም ሓደ ከቢድ እምኒ ካባና እተላዕለ፥ ዕረፍቲ ክስምዓና እዩ። ምናልባት ግና ነቲ ጾር ብጸሎት ጌርና እንተ ዘይኣውረድናዮ፥ ገለ ነገር ከምዘይተገብረ ክርድኣና እዩ። እንተዘይጸሊናሉ ምስ ልቢ ኣምላኽ ኣይተሰማማዕናን። ኣብቲ ንጸሎት እሙናት እንኾነሉ፥ እዚ ማለት ከኣ፥ ኣብቲ ጾር ኣባና ዝመጽኣሉ ብኡብኡ ተኣሚንና እንጽልየሉ፥ ጸሎት ንኣና ክብደት ዘይኮነ፥ ፈኩሽን ግሩምን ክኾነልና እዩ።

ክንደይ ዘሐዝንዩ፥ ኣብዚ ብዙሓት ሰባት ነቲ ዘለዎም መንፈስ ቅዱስ የጥፍኡ እዮም። ንሳቶም ነቲ መንፈስ ቅዱስ ተንሲኦም ክጽልይሉ ኣብ መንፈሶም ዝሃቦም ስምዒት የጥፍእዎ። ብድሕሪዚ፥ ከምኡ ዝበለ ስምዒት ኣብ መንፈሶም ሒደት እዩ ዝመጾም። በዚ ከኣ፥ ምስቶም ንፍቓድ ኣምላኽ ብጸሎት ገይሮም ከተንፍስዎ ዘይክእሉ ብምዃኖም ጐይታ ብእኦም ክስልጦ ዝኽእል የብሉን።

ዎ ኣሕዋተይ፥ ክሳብ ጾር ጸሎት ዘይብልና እንኸውን እንተወደ'ቕና፥ ሕብረት ምስ እግዚኣብሄር ኣጥፊእና ኢና፥ ብሓቂ ክሳብ ንሱ ኣብ ዕዮኡ ክጥቀመልና ዘይክኣሎ ሰባት እንኸውን ወዲ'ቕና ኢና እሞ፥ ብሓቂ ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ኩነታት ክንጥሕል ኢና። በዚ ምኽንያት፥ ነቲ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ነንፈስና ዝህበና ስምዒት ኣዚና ክንጥንቀቐሉ ግድን እዩ። ኣብቲ ጾር ጸሎት ዝመጽኣና፥ ብኡብኡ ንጐይታ ብኸምዚ ንድልዮ፥ "ዎ ኣምላኽ፥ እንታይ ኢዩ ክጽልየሉ እትደልየኒ ዘሎኻ፦ ክትፍጽሞ ትደልዮ ዘሎኻ፥ ክጽልየሉ እትደልየኒ ዘሎኻ ፥እንታይ እዩ፦" ሸዑ እንተጸሊና፥ ንዝስዕብ ጸሎት ብጐይታ ክንእመነሉ ኢና። ግናኸ ቀዳማይ ጾር እንተዘይተራገፈ፥ ንካልኣይ ጾር ክንወስዶ ኣይክኣለናን እዩ።

ፍቁራት ኣሕዋት፥ ንጐይታ እሙናት ናይ ጸሎት መታዓይይቱ ክንከውን ንለምኖ። ጾር-ጸሎት ኣብ ዝስምዓና ጊዜ፥ ብዝቐልጠፈ ብጸሎት ክራገፍ ኣለዎ። እቲ ጾር ኣዝዩ እናዓ በየ እንተኸበደ፥ ብጸሎት ክራገፍ ኣይክእልን እዩ እሞ፥ ስለዚ ጾም ክንወስድ ከድልየና እዩ። ጸሎት ንጾር ከራግፍ እንተዘይክኣለ፥ ጾም ክስዕብ ኣለዎ። ብጾምን ጸሎትን፥ ጾር ጸሎት ቀልጢፉ ክቕልል እዩ፥ ምኽንያቱ ጾም ንከበድቲ ጾር ከራግፍ ዝሕግዝ እዩ።

ሓደኳ ዕዮ ጸሎት ክፍጽም እንተተንስአ ፥ ንሱ መትረብ(መተሓላለፊ) ፍቓድ ኣምላኽ ክኸውን እዩ። ጐይታ ገለ ነገር ክገብር ኣብ ዝደልየሉ ጊዜ፥ ጐይታ ነዚ ናይ ጸሎት ሰብ ክደልዮ እዩ። ኣብ መወዳእታ ከምዚ ክብል፥ ኩሉሳዕ ፍቓድ ኣምላኽ ነቲ ዝሓሸ እዩ ዘናዲ። ኩሉሳዕ ጐይታ ንፍቓዱ ዝገልጽ ሰብ ወይውን ሰባት እዩ ዘናዲ። ብዙሓት ነዚ ዕዮ ክገብሩ እንተ ተንሲኦም፥ ብጸሎቶም ዝኣክል ጐይታ ብዙሕ ነገር ክገብር እዩ። ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን፥ ጐይታ ኣዕዚዙ ይባርኽኩም፥ ሓውኹም ዎች-ማን- ኒ እየ።

# ምሕላው ኣእምሮ ደቅና

## (ብጸሎት ምውጋእ)

**ሓ**ንቲ ኣገልጋሊት ጐይታ ከምዚ በለት "ውግእ ህይወት ደቅና ብብርክና እዩ ዝኽፈል፡ እዚ ማለት፡ እንተዘይጸለና ከም ብሓደ ጸግዒ ኮፍ ኢልካ ደቕኻ ብኹሉ ሸነኽ ፍላጻታት እናተወርወሮም ትም ኢልካ ምርኣይ እዩ። እንተጸሊና ግን፡ ኣብቲ ውግእ ኣብ ጐኒ ደቅና ኮይንና፡ ሓይሊ ኣምላኽ ምስኦም ክኸውን ኢና ንድግፎም። ንደቅና ክንጽልየሎም ከሎና፡ ንህይወቶም ነማልደሎም ከምዘሎና ኳንና ንጸልየሎም። ሓንቲ ክንዝክራ ዘሎና፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ስለ ህይወት ደቅና ፍጹም ዝኾነ ምኽሪ ዘለዎ፡ ሰይጣንውን ኣለዎ።"

ሓደ፡ ንደቅና ከጥፍእ ዝምነ፡ ጸላኢ ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ ንልቦምን ኣእምሮኦምን ክሰርቕ ይደሊ። ንሕና፡ ኣብ ቃልሲ ህይወት ደቅና ኢና ዘሎና፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝበልናዮ ኸኣ እቲ ውግእ ብብርክን ብጸሎትን እዩ ዝኽፈል። እቲ ጸላኢና እንተዘየሸግረና ወይ ኣርሒቑ እንተዝኸይድ ኢልና ተስፋ ክንገብር ኣይኝኽእልን ኢና፡ ብሓይሊ ቃል ህያው ኣምላኽ ግን ክንስዕሮ ንኽእል ኢና። ኤፌ6፡10-18፡ ማቴ4፡4-11።

ንደቅና መዓልታዊ ክጽልዩን ኣጽዋር ኣምላኽ ክለብሱን ብቓልን ብግብርን ንምሃሮም። ንኣእምሮኦም ብቓል እቲ ኹሉ ዝኽእል ክሕልዉ ንምሃሮም። እምበኣርሲ ኣብ ህይወት ደቅና ጸሎት ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኳኑ ነስተውዕል። ብሓቂ ፡ ደቅና ዝብላዕን ዝስተን ከምኡውን ኣካድያምያዊ ትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዘድልዮም፡ መወዳእታኦም ክጽብቐሎም ግና ብብርክኻ ዝኽፈል ጸሎት የድልዮም። ስለዚ ስለ ደቅና ብጸሎት ክንነቅሕ ይግብኣና። ብዘይካ እዚ ውን ስለ ሰብኣይና ወይ ስለ ሰበይትና ከመይ ድኣስ ብጸሎት ክንነቅሕ ዘይግብኣና። ንደቅና ጐይታ ኣዝዩ እዩ ዝደልዮም፡ ንሕና ግና ምስ ዓበዩ ከርክብሉ እዮም ኢና እንብል፡ ብኹሉ ጸሎት ክንነቕሓሎም ይግብኣና፡ ጸሎት ክንምህሮም ይግብኣና፡ ቃል ኣምላኽ ከንብቡ ንምሃሮም፡ ዘረባኦምን ምላሾምን ብቃል ኣምላኽ ክኸውን ንምሃሮም፡ እምበኣርሲ ንደቅና ከምዚ ዝስዕብ ጌርና ንጸልየሎም፡--

- ደቅና ኣእምርኦም ብመንፈስ ቅዱስ መሊኡ፡ ንእግ/ር ዘስምሩን፡ ህይወቶም ከኣ ብጽድቅን ቅድስናን ሰላምን ክመልእ ንጸልየሎም።
  <u>"ስጋውያን ዘበሉ ነቲ ናይ ስጋ እዮም ዚሓስቡ፡ መንፈሳውያን ግና ነቲ ናይ መንፈስ እዮም ዚሓስቡ። እቲ ሓሳብ ስጋ ምስ ኣምላኽ ጽልኢ ብምዃኑ ነቲ ሕጊ ኣምላኽ ኣይግዝኦን ኣይኮነሉን ድማ እዩ እሞ፡ስለዚ እቲ ሓሳብ ስጋ ሞት እዩ፡ እቲ ሓሳብ መንፈስ ግና ህይወትን ሰላምን እዩ። እቶም ብስጋ ዘለዉ ንኣምላኽ ኬስምርዎ ኣይኮነሎምን እዩ።"(ሮሜ8፡5-8)።</u>
  "ቅዱስ እግ/ር፡ ንደቀይ ሓሳብ ናይ መንፈስ ቅዱስካ ሃቦም፡ ህይወት ናይ መንፈስ ሃቦም እሞ ብቅድስናን ሰላምን ሓጐስ ኣምላኽ ክመልኡ። ካብ ኩሉ ዝቃለሶም ሓሳባት ሓጢኣት፡ እቲ ጸላኢ ዘምብረሎም ዘበለ፡ ንኣኻ ዝግዛእ ህይወት ክህልዎም ክትረድኦም፡ ይጽልየሎም ኣለኹ።"

- ደቅና ወርትግ ብሓቅን ብንጽህናን ምእንቲ ክመላለሱ፡ እግዚኣብሄር ንልቦምን ሓሳቦምን ክምርምር ንጸየሎም።
  <u>"ዎ ኣምላኽ ፡ መርምረኒ፡ ልበይ ከኣ ፍለጥ፡ ፈትነኒ፡ ሓሳበይውን ፍለጥ። መገዲ ዓመጻ እንተ ኣልዩኒ፡ ርኤ ኣብቲ ናይ ዘለኣለም መገዲ ምርሓኒ።" (መዝ139፡23-24)።</u>

- ደቅና ንጥበብ ከስተውዕሉን ክደልዩን ምእንቲ፡ ንኣእምርኦም ክጥቀምሉ፡ ከንቱነት ናይዛ ዓለም ክዝክሩን፡ ንጸልየሎም።(መክ7፡25)።
- ደቅና፡ ብእግዚኣብሄር ንዘለኣለም ጽኑዓት ክኾኑ ንጸልየሎም።
  <u>"ነቲ ጽኑዕ ዝሃቐናኡ፡ ኣብኣ ስለ እተማሕጸነ፡ ብሰላም፡ እወ ብሰላም ትሕልዎ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ከውሒ እዩ እሞ፡ ንዘለኣለም ብእግዚኣብሄር ተማሕጸኑ።"</u>(ኢሰ26፡3-4)

- ደቅና፡ ምሕረት እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ዓቢ ምዃኑ ክሕዙ እሞ በዚ ተስፋ ክህልዎም፡ ንጸልየሎም።
  <u>"እዚ ኣብ ልበይ ኤንብር፡ ስለዚ ድማ ተስፋ እገብር። ምሕረቱ ኣይተወድኤን እዩ እሞ፡ ጥራስ ዘይተፋእናስ ጸጋ እግዚኣብሄር እዩ። ኣብ ጸጽባሕ ሓድሽ እዩ፡ እሙን ምዃንካ ዓብዩ እዩ። (ደጕ 3፡21-23)።</u>

- ደቅና፡ ንእግዚኣብሄር ብኹሉ ልቦምን ነፍሶምን ኣእምርኦምን ከፍቅርዎ፡ ንጸልየሎም።
  <u>"ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻ ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅሮ"</u> ማቴ22፡37 ።

- ደቅና፡ ብምሕዳስ ሓሳቦም ክልወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ከይመስሉ፡ ንጸልየሎም። ሮሜ12፡2
- ደቅና፡ ሓሳብ ክርስቶስ ክህልዎም ንጸልየሎም።
  <u>"ንእግዚኣብሄር ኪምህሮ ኢሉ፡ ሓሳቡ ዝፈልጠኸ እንታዋይ እዩ፦ ንሕና ግና ሓሳብ ክርስቶስ ኣሎና። እምበኣርሲ እቲ መንፈሳዊ ንኹሉ ይምርምር፡ ንሱ ግና ብሓደ እኳ ኣይምርመርን እዩ።"(1ቆሮ2፡16,</u> ፊሊ4፡8-9, እብ3፡1, 2ቆሮ10፡5)።

- ደቅና፡ ሓሳቦም ካብቲ ናብ ክርስቶስ ዚኸውን ገርህነት ንጽህናን ከይተፍእ፡ ንጸልየሎም።
  <u>"ግናኸ ከምቲ ተመን ብጉርሑ ንሄዋን ዘስሓታ፡ ከምኡውን ሓሳብኩም ካብቲ ናብ ክርስቶስ ዚኸውን ገርህነትን ንጽህናን ምናልባሽ ከይጠፍእ እፈርህ ኣሎኹ።" 2ቆሮ11፡3።</u>

- ደቅና፡ በኣእምሮ መንፈሶም ክሕደሱ እሞ እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ክለብሱ፡ንጸልየሎም።
  <u>"እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ።" ኤፌ4፡22-24።</u>

- ደቅና፡ በቲ ኻብ ኩሉ ኣእምሮ ዝበልጽ ሰላም ኣምላኽ፡ ልቦምን ሓሳቦምን ብክርስቶስ የሱስ መሊኡ ክሕሎ፡ ንጸልየሎም። <u>"እቲ ኻብ ኩሉ ኣእምሮ ዚበልጽ ሰላም ኣምላኽ ድማ ልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ የሱስ ኪሕልዎ እዩ።"ፊሊ4፡7።</u>

- ደቅና፡ ሓሳብ እቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዘይኮነስ፡ ሓሳብ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ክሓስቡ፡ ንጸልየሎም።
  <u>"መዊትኩም ኢኹም፡ እታ ህይወትኩም ድማ ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ እሞ፡ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ፡ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይኮነን።"ቆሎ3፡2።</u> ---//---

# መራሒ መርከብ ህይወተይ

ኣብ ታሪኽ እንተ ርኢና፡ ህዝቢ እስራኤል ኣብ ዕለታዊ ናብራኦም መርከብ ብዙሕ ኣይጥቀሙን እዮም ኔሮም። እቶም ኣብ ጥቓኦም ዝነብሩ ህዝቢ ጢሮስን ሲዶንን ግና ፍሉጣት መርከበኛታት ነበሩ። ኖህ ብዛዕባ እቲ ገና ዘይተራእየ ነገር ራእይ ምስረኣየ፡ ብፍርሃት ኣምላኽ ተደሪኹ ብእምነት እዩ ንምድሓን ቤቱ እችኸውን <u>መርከብ</u> ዘዳለወ። ብእኣ ገይሩ ንዓለም ኰነና፡ ነቲ ብእምነት ዚርከብ ጽድቂ ኸኣ ወራሲ ኾነ። (እብ11፡7)።

ንጉስ ሰሎሞን ድማ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ መራኽብ ሰሪሑ ይነግድ ነበረ፡ (1ነገ9፡26-28)። ንጉስ ዮሳፋጥ ከምናይ ሰሎሞን ክገብር ኢሉ፡ ምስቲ ረሲእንት ዝግብሩ ኣሕዝያ ተሓባቢሩ ንተርሲስ ዝኸዳ መራኽብ ኪሰርሕ ሓበረ፡ እግዚኣብሄር ግና ነቲ ስርሑ ኣፍረሰሉ፡ እተን መራኽቡ ከኣ ተሰብራ። ነቢይ ዮናስ ካብ ትእዛዝ ኣምላኽ ሃዲሙ ኣብ መርከብ ምስተሰቐለ ብርቱዕ ማዕበል ገጠሞ።(ዮና1፡3-5)። ሃዋርያ ጳውሎስ ናብ ሮሜ ዝኸደላ ዝነበረ መርከብ 276 ሰብ ሒዛ ነበረት እሞ፡ ኤውሮክክሊዶን ዚብሃል ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ካብ ደሴት ተላዕሎም፡ ነታ መርከብ መንዚዑ ምስ ወሰዳ፡ እታ መርከብ ክትቃወሞ ስለ ዘይክኣለት፡ ብተጋድሎ ንጃልባ እታ መርከብ ከድሕኑ ከኣሉ።ማዕበል እናበርትዖም ምስ ከደ ኸኣ ኩሉ ተስፋ ምድሓን ነፍሶም ፈጺሞም ቐበጹ፡እታ መርከብ ከኣ ሰለስተ ሳዕ ተሰብረት። ኣብ መወዳእታ ግና ካብቶም 276 ነፍሳት ሓንቲ ከይጠፍኣት፡ እቲ እሙን ጐይታ ከምቲ ንባርያኡ ጳውሎስ ዝነገሮ ካብቲ ብርቱዕ ማዕበል ኣድሓኖም(ግብ27)።

መርከብ 3 ወይ 4 ካብ ሓጺን ዝስራሕ መልህቅ ኣለዋ፡ ናብዝን ናብትን ተገፊዓ ከይትስበር፡ መልህቅ ናብ ጥልቂ ባሕሪ ብረጉድ ገመድ ይወርድ እሞ፡ እታ መርከብ ደው ትብል። እዚ መልህቅ ነቲ ናይ ክርስትያን ተስፋ እዩ ዝምሰል፡ ናይ ክርስትያን ተስፋ ዘይናወጽ ስለዝኾነ ብመልህቅ እዩ ዝምሰል፡ (እብ6፡19)።

መርከብ ንናይ እምነት ህይወትና ምሳሌ እያ፡ ንሳ ናብ ርሑቕ ቦታ እትበጽሕ፡ ብዙሕ ገድሊ እተሕልፍ፡ ግን ንኹሉ ዚጋጥማ ብብዙሕ ጻዕሪ ሸለል ከይበለት፡ ተጋዲላ ንመልእኽታ እተብጽሕ መሳርሒት እያ።(1ጢሞ1፡19)።

ኣብ መወዳእታ፡ ብዛዕባ ንእሽቶ መርከብ፡ ማለት ብዛዕባ ጃልባ ንርአ። ማር4፡35። የሱስ ኣብዚ ጥቕሲ "<u>ናብ ማዕዶ ንሳገር</u>" በሎም።እግዚኣብሄር ዝበሎ ቃል ይገብሮ እዩ፡ ንናይ ጐይታ ቃል ዝዕንቅፎ የለን። ኣብ ህይወትና ንሱ ዝበሎ(ፍቓዱ) ዘበለ ክፍጸሞ ለይትን መዓልትን ንለምን፡ ንጸሊ፡ ብገለ ነገር ከይተኸልከለ ኣብ ህይወትና ክሰርሕ ክንጽሊ ይግባኣና። ነቲ ፍቓዱ ዘይኮነ ኸኣ ብስሙ ንገስጾ እሞ ኩሉ ነገር ጽጥ ክብል እዩ።

<u>"ህቦብላን ብርቱዕ ንፋስን ድማ ኰነ"</u> ፡ እዚ ናይ ግድን እዩ። ኣብ ዓለም መከራ ኣለኩም፡ እዩ ዝበለና። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ዝዘንግዕዎ እንተሎ ነቲ ቃሉ ዘንገየሞ ነይሮም። ቃሉ እንታይ ኢሉ፧ "<u>ንሳገር</u>"፡ እዚ እንተኾይኑ ቃሉ ክትሽገር ኣየድልየካን እዩ። ንቃሉ ሒዝካ ምጽላይ እዩ ዘድሊ። ብብዙሕ ነገር ንሽገር እንተኾይንና ንቃሉ ሒዝና "ዎ ኣምላኽ ኣሕሊፍካ ኣይትሃበኒ" ኢልና ንጸሊ እሞ፡ እቲ ረዳኢና ክረድኣና እዩ።



<u>"ንሱ ኸኣ ብወገን ድሕሪት እታ ጃልባ ተተርኢሱ ደቂሱ ነበረ።"</u>

ኣሕዋተይ፡ የሱስ ኣብ ዘለዎ፡ የሱስ ደቂሱሉ ዘለዎ ቦታ፡ ኣብኡ እንተኣሊና ኣይንጨነቕ፡ ንሱ ረዳኢና ምኳኑ ኣሚንና እንተኾንና፡ ኣብቲ ጥፋኣት ዘለዎ ስፍራ ካብኡ ክንድሕን ኢና። ኣብዚ ከምዚ እዋን እምነት ከየጥፋእና፡ ብእምነት ሃዲእና፡ ኣብኡ ተወኪልና፡ ጸሎትና ብምስጋና ነቕርብ። ንሱ ብኣና ብዙሕ ግዲ ኣለዎ። ኣብ ህይወትና ድማ ዓቢ ህድኣትን ሰላምን ክኸውን እዩ። ሓደ ደርፊ ዓለም ዝደርፍ ዝነበረ፡ ጐይታ ተቐቢሉ ዘማሪ ኮነ እሞ፡ "ቀደም፡ ለይቲ ብዙሕ ሳዕ ድቃስ ይኣብየኒ ኔሩ፡ ሕጂ ግና ካብቲ ኣባይ ዘሎ ህድኣት እትላዕለ ለይቲ ምእኻል ኣቢዩንስ፡ ቀትሪውን ብዙሕ ሳዕ ይድቅስ ኣሎኹ" በለ። እቲ ጐይታ ዝህበና ህድኣትን ሰላምን ከምቲ ናይ ዓለም ኣይኮነን።

እምበኣርሲ ሎሚውን፡ ብጐይታ እንኣምን፡ ኣብቲ ጐይታ ደቂሱሉ ዘሎ ስፍራ(መርከብ)፡ ኣብቲ ጐይታ ዘለዎ ኢና ዘሎና እሞ፡ ብእኡ ባህ ይበለና። ኣብ ህይወትና ብርቱዕ ማዕበልን ህቦብላን እኳ እንተ ተንስእ፡ ኣብ ናይ የሱስ መርከብ ኢና ዘሎና እሞ፡ እታ መርከብ ኣይትጠልቕንያ።እታ መርከብ ዘይትጠልቕ መርከብ እያ። ከመይ ኢላ ኣብቲ ማይ ክትጠልቕ የሱስ መራሒ ህይወትና እዩ። ንሱ ናይ ኩሉ ኣዛዚ እንተደልዩ ብማይ ይኸይድ፡ እንተደልዩ ብንፋስ ይኸይድ፡ እንተደልዩ ብደበና ይኸይድ፡ እሞኸ ደኣ፡ ምስዚ የሱስ ኣብታ መርከብ ተተርኢስና በጥ ንበል። እዚ የሱስ መፍትሕ ናይ ኩሉ ዘለዎ እዩ፡ ስለዚ ብገለ እኳ ኣይንጨነቕ፡ ብየሱስ ዕረፍቲ-ሰላም ይስምዓና፡ መንፈስና ይተሓጐስ፡ ኣይንፍራህ፡ "ስለምንታይ እዩ ኸምዚ ዝፈራህኩም" ከይብለና ብገለ እኳ ኣይንፍራህ። ክብሪ ኹሉ ንስሙ ይኹን።--//--

## <u>ዓርኪ ባባ</u>

*ሓደ መንእሰይ መስተ ከይስቲ ዝወሰነሉ ምኽንያታት*

**መ**ስተ ከይሰቲ ዝመረጽኩሉ ቀንዲ ምኽንያት ምናልባት ካብ ናይ ካልኦት እተፈልየ ይኸውን እዩ። ንድሕሪት ህይወተይ ተመሊሰ ክዝክር፡ ኣብ ህይወተይ "መስተ ክገድፎ እየ" ዝበልኩሉ ኣይዝከረንን፡ ጌና ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ከለኹ ምርጫይ መስተ ነበረ። ምናልባት እዚ ምርጫ ካብቲ ቀንዲ ምኽንያት ፍትሕ ናይ ኣቦይ ብምኽንያት መስተ እዩ። ኣቦይ ኣብ መስተ ብዙሕ ገንዘብ እዩ ዘጥፍእ ነይሩ፡ ንሱ ኣብ መስተ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ካብ ሰሙን ናብ ሰሙን፡ ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ካብ ዓመት ንዓመት ኣዝዩ ብዙሕ ገንዘብ የጥፍእ ነበረ። ካብ ኣሕዋተይ ንሓደ ገለ ነገር ክድልዮ ከሎ፡ ኣቦይ ኣዝዩ ይቐጣዕ ነበረ። ነቦይ ከጸልኦ ዘይኮንኩ እዚ ዝበሎ ዘለኹ፡ ግናኸ ነቲ ንህይወቱ ዘጥፍኦ መስተ እየ ከጸልእ ደልየ፡ ኣነ ከም መንእሰይ ንዝተረፈ ዕድመይ መስተ ከይስቲ ዝመረጽኩሉ ምኽንያት እዚ እዩ።

ኣብ መስተ ዝሰትዩ ወለዲ ዝዓብዩ ደቂ፡ መገዲ ናይ ወለዶም ተኸቲሎም፡ ሰታያት መስተ ክኾኑ ብዙሕ ዝምባለ እዩ ዘህልዎም። እቶም ኣብ ከምዚ ዓይነት ስድራ ዘይዓበኹም ሰባት ንኣምላኽ ስለዚ ነገር ከተመስግንዎ ይግባኣኩም፡ ብሓቂ ዓቢ ዕጫ እዩ።

ኣነ ነቦይ ኣዝየ እየ ዘፍቅሮ፡ ባባየይ እዩ፡ ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ዓርከይ እዩ። ኣቦይ፡ ንዓይ ጽቡቕ ጌሩለ እየ ፡ እዩ ዝብል። ከምኡ እንተዝኾነለይ ጽቡቕ ኔሩ። ግናኸ ኣቦይ ካልእ ዓርኪ፡ ነይሮዎ፡ ነቲ ዓርኩ ኣዝየ እየ ዝጸልኦ። ኣቦይ ነዚ ዓርኩ የፍቅሮ ነበረ፡ ልዕሊ ኹሉ ንዓርኩ ኣብሊጹ ይርእዮ ነበረ።

እዚ ዓርኪ ባባ፡ ነቦይ ልዕሊ ስድርኡ፡ ልዕሊ ፊተውቱ፡ ልዕሊ ኩሉ ነገሩ እዩ። ዓርኪ ባባ፡ ብዙሕ ሳዕ

ሕማቕ ውሳኔ፡ ንሰባት ክጎድእ፡ ስምዒቱ ከይገትእ እዩ ዝደፋፍኦ፡ ባባ ግና ነዚ ዓርኩ ኣይገድፎን እዩ። ኣልኮል ሓቀኛ ዓርኪ እዩ ዝመስል፡ ግናኸ ኣብ መወዳእታ ነቶም ኣብኡ ዝውከሉ ኩሎም ንህይወቶም ምጉዱር ክገብሮ እዩ።

ካልኣይ ምኽንያት መስተ ከይሰቲ ዝመረጽኩሉ ምኽንያት፡- ሎሚ ኣነ ክርስትያን ኮይነ እየ፡ ክርስትያን ከኣ ከምቲ የሱስ ቅዱስ ህይወት ዝነበሮ ብቕድስና ምምልላስ ስለዝኾነ፡ ብቅዱስ ህይወት ባዕሉ የንብረኒ ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ብግልጺ ዓስቢ ኣልኮል ምስታይ ይገልጽ እዩ፡ ገሊኦም "ሓንቲ ምስታይ ኣይጎድእን እዩ" ይብሉ፡ ግናኸ መጽሓፍ ቅዱስ እዚውን ንህይወት ዘውድቕ ምኳኑ ይነግረና።

ኣነ ቅድሚ ክርስትያን ኮይነ ጐይታ ምቕባለይ፡ ኣልኮል ቀጻሊ ንደቂ ሰብ ዘጥፍእ ምኳኑ ትዝ ይብለኒ። ኣልኮል ንሓንጐልን ንጸላም ከብድን ከምኡውን ንእተፈላለዩ ክፍልታት ውሽጣዊ ኣካላት ቀስ እናበለ ዘዕኑ እዩ።

መስተ ንኣካላት ጥራይ ዘይኮነ ዘዕኑ፡ ነተሓሳስባና ከይተረፈ እዩ ዘዕኑ። ሓደ ሰብ ብመስተ እተጸልወ ምስ ዝኸውን፡ ብሉጽ ወይ ምኽንያታዊ ውሳኔ ክገብር ኣይክእልን እዩ። ዝበዝሐ ጊዜ ፍትሕ ኮነ ምግሳስ ንቖልዑን ብሕማቕ ውሳኔ ዝካየድ ብኣብ ትሕቲ መስተ እተገዝኡ ሰባት እዩ ዝግበር። ካብ ጓሎም ዝወልዱ ኣቦታት ኣይሰማዕኩምንዶ ኢኹም፧ ሎጥ እኳ ኣሎ። ኣዝዩ ዘሕዝን ሓደጋ መኪና ብሰንኪ እንታይ እዩ ዘጋጥም፧ እዚ ኹሉ ብሰሪ መስተዶ ኣይኮነን ዝኸውን ዘሎ፧ ኣብ መዓልቲ መርዓኦም ዊስኪ ሒዞም ዘዋዛውዝዎ ኣዝዮም ብዙሓት እዮም፡ ነኣይ ዘሕዝነኒ ኣመንቲ ጐይታ ክነሶም ከምቲ ናይ ዘይኣመንቲ ዊስኪ ሒዞም ዘወዛውዝዎን ዝስኣሉሉን እዮም፡ ኣዝዮም እዮም ዘገርሙኒ።

እቲ ናይ መወዳእታ መስተ ከይሰቲ ዝመረጽኩሉ ምኽንያት፡ "ንዓይ ኣደይ ናብ ናይ ኣልኮላዊ መስተ ፈተና ኣይተፈተነትን፡ ንሳ ኣይትሰትን እያ ነይራ፡ ስለዚ ኣነውን ከይሰቲ መሪጸ።"

ካብ ኣቦይ ዝተመሃርክዎ፡ መስተ ንህይወት ማዕረ ክንደይ ከበላሽዎ ከምዝኽእል ኣርእዩኒ። ኣነ ብናብራይ ንደቀይ ካብ መስተ ምግላል ማዕረ ክንደይ ንህይወት ጠቓሚ ምኳኑ ከርእዮም ይደሊ። ኣቦይ፡ መስተ ንሓዳር ክበታትን ከምዝኽእል ኣርእዩኒ፡ ኣነ ግና ንደቀይ መስተ ዘይብሉ ስድራቤት ስጡም ስድራቤት ምኳኑ ከርእዮም ይደሊ፡ ሓቂ እዩ፡ ጸገም ምግርጫውን የብሉን ማለት ኣይኮነን፡ ግናኸ እቲ ምግርጫዎም ንስጋኦምን ንሓሳባቶምን ምስኣህድኡ ብኡብኡ ክደቓቐስን ክርሳዕን እዩ።

ኣነ ብሓቂ ፡ ንኻልኦት ክረድእ እምብር ክጐድእ ኣይደልን፡ ኣብ ናይ ካልኦት ህይወት ገለ ነገር ክገድፍ ኣይደልን። ስለዚ እየ ኸኣ ካብ መስተ ክግለል ዝመረጽኩ።

ብዙሓት ብዙሓት ኣለው፡ ኣመንቲ ከይተረፉ፤ መጽሓፍ ቅዱስ ኣይትስከር እዩ ዝብል እምበር ኣይትስተስ ኣይብልን እዩ፡ ይብሉ። ልክዕ እዩ ኣይትስተ ኣይብልን እዩ፡ ሽጋራ ውን እኮ ኣይተትክኽ ኣይብልን እዩ፡ ሽጋራ ኽ ከነትክኽዶ፧ ያእ ኣይፋልናን፡ ስለምንታይ፡ ውሉድ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ እዮም ዝምርሑ፡ ንሓና ከኣ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዘሎና ንሱ ናብ ዝመርሓና ኢና እንኸይድ፡ መንፈስ ቅዱስ ዘለዎ መስተ ኮነ ሽጋራ ኣይሰትን እዩ፡ ውሉድ ኣምላኽ ዘበለ ኣብ ቤት መስተን ሽጋራን ኣይኣቱን እዩ፡ ንሱስ ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ እዩ ዝፍሳህ፡ ሃሌሉያ፡ በዚ ተፈስሁ ደስ ይበልኩም።

እምበኣርሲ፡ ሎሚ ውሽጣዊ ሰላም ደሊኹም ኣብ ዘይደለኹሞ ህይወት፡ ማለት ኣብ መስተን ከምኡ ዝኣመሰለን ዘለኹም፡ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ሎሚ ናብ የሱስ ንዑ፡ ንሱ ህይወት ምስ ተረፉ ክህበኩም እዩ። ዕረፍቲ ብየሱስ ጥራይ እዩ ዝርከብ፡ ንየሱስ ክርስቶስ ናብ ህይወትኩም ጸውዕዎ፡ ንሱ ሰላምኩም ክኸውንዩ። ኣቱም ንጐይታ እተቐበልኩም ኣመንቲ ኸኣ፡ ነስተውዕል እሞ፡ ኣብ መስተ እንታይ ዓይነት መናፍስቲ ከም ዘለው ውሽጥና ከምዘለልዮ ርግጸኛ እየ፡ ቁሩብ ምስታይ እንታይ ኣለዎ ንብል ኢና፡ ግናኸ ንመንፈሳውነትና ዘድክም ዘበለ ነርሕቆ።---//---

## መንበሪና መን'ዩ

"ኣቱም ኩሉኹም እትጽዕሩ ጾር ዝኸበደኩም፡ ኣነ ኸዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይ ውን ትሑት፡ ኣርዑተይ ፈኩሽ፡ ጾረይውን ቀሊል እዩ እሞ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሃሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም።" ማቴ11፡28።

እዚ ቓል እዚ የሱስ ንኣይሁድ እዩ መጀመርታ ነጊርዎም፡ እቶም ኣይሁድ ጸዓዱ እዮም ኔሮም። ኩሉ ሰብ ዝሓስቦ፡ ናብ ዝማዕበለ ሃገር እንተኼድካ እዩ ሰላም ዝርከብ ኢሉ እዩ ዝሓስብ። ሰላምን ህድኣትን ግና ካብኡ ኣይኮነን ዝመጽእ። መምበሪና መን እዩ፧ ኣታ ክርስትያን እቲ ኣምላኽ ጥንቲ መምበሪኻ እዩ፡ ንሱ ሴፍ ሓበንካ ዋልታ ሓገዝካ፡ ንረድኤትካ ኣብ ሰማያትን ደበናታትን እተወጥሐ፡ ክርስቶስ የሱስ ኣሎካ እሞ፡ ብብዝሒ ገንዘብ ኣይኮነን ህይወትካ። የሱስ ሎሚ ኣነ ከዕርፈኩም ናባይ ንዑ እዩ ዝብለና ዘሎ፡ ኣተኩሮና ኣብኡ ይኹን። ቃል ኣምላኽ፡ እግዚኣብሄር ሓይሊ ህይወተይ እዩ፡ ይብለና፡ ንህይወትካ ዘምብራ ሓይሊ ዝህባ፡ ንሱ እዩ፡ ኣብኡ ንወከል፡ ጐይታ ይባርኹም።

# ናይ ኣየናይ መንፈስ ምኻንና ንፍለጥ

ንሕና ክርስትያናት ብመንፈስ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክንመላለስ እንተኾይንና፡ ከም ፍቓዱ ክንመላለስ እንተኾይንና፡ እንታይ ዓይነት መንፈስ ከም ዘሎና ክንፈልጥ ይግብኣና። ሰብ መንፈስ ኣለዎ፡ ነፍሲ ኣለዎ፡ ስጋ ኣለዎ፡ 1ተሰ5፡24 ርአ። ብስጋ እንተ ተመላለስና ክንመውት ኢና፡ ብመንፈስ እንተ ተመላለስና ግና ብህይወት ክንነብር ኢና። ስለዚ እንታይ ዓይነት መንፈስ ከም ዘሎና ብቓል ኣምላኽ ቀጺልና ንመርምር።

*"እቶም ደቀ መዛሙርቱ ያእቆብን ዮሃንስን ከኣ ነዚ ምስ ረኣዩ፤ ጐይታይ፡ ከምቲ ኤልያስ ዝገበሮ፡ ሓዊ ኻብ ሰማይ ወሪዱ ኼጥፍኦም ክንብልዶ ትደሊ ኢኻ፡ በሉ። ምልስ ኢሉ፤ ወዲ ሰብ ነፍሳት ሰብ ኬድሕን እምበር፡ ኬጥፍእሲ ኣይመጸን እሞ፡ ናይ ኣየናይ መንፈስ ምኻንኩም ኣይትፈልጡን ኢኹም፡ እናበለ ገንሖም።"(ሉቃ 9፡54-56።*

ደጋዊ ሰብና ኣዝዩ ልዑል መሲሉ ይርአ ይኸውን፡ ውሽጣዊ ሰብና(መንፈስና) ግና ዘይግቡእ እንተኾነ፡ ኩለንትናና ግምጡል እዩ ዝኸውን። ስለዚ ዝኾነ ብመንፈሳዊ መገዲ ክመላለስ ዝደሊ እንተሎ ንመንፈሱ በቲ ቅኑዕ ክመላለስ ክሕልዎ ኣለዎ። ሎሚ እንታይ ዓይነት መንፈስ ክህልወና ከም ዝግብኣና ንርአ፡-

### (1)ቅጥቁጥ መንፈስ

*"እግዚኣብሄር ነቶም ስቡር ልቢ ዘለዎም ቀረባኦም እዩ፡ ነቶም ቅጥቁጥ መንፈስ ዘለዎም ድማ የድሕኖም።"(መዝ34፡18)።*

*"ስለዚ እቲ ንዘለኣለም ዚነብር ልዑልን ቅዱስን ዝስሙን ከምዚ ይብል ኣሎ፤ ኣብቲ ልዑልን ቅዱስን ስፍራ እነብር ኣሎኹ፡ ግናኸ ንመንፈስ ትሑታት ህያው ክገብሮ፡ ንልቢ ዱቑሳት ከኣ ህያው ክገብሮስ፡ ምስቲ ድቑስን ትሑትን መንፈስ ዘለዎ ሰብ ድማ እነብር ኣሎኹ።" (ኢሰ57፡15)።*

ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ብጌጋ፡ ቅጥቁጥ መንፈስ ኣብ ምንሳሕን ኣብ ሓጢኣት ምስ ዝወድቁን ጥራይ ዘድልዮም ይመስሎም። ግናኸ ክንፈልጦ ዝግብኣና፡ እግዚኣብሄር ንመንፈስና ኩሉ ሳዕ ቅጥቁጥ ክኸውን ይደልዮ። ቅጥቁጥ ማለት ጥዑስ ወይ ንሱሕ ማለት እዩ። ዋላኳ ኣብ ጸጽባሕ ንሓጥእ እንተዘይኮንና፡ ግናኸ ጌና "ስጋ" ስለ ዘሎና፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ከኣ ክትንስእ ስለዝኽእል፡ ትሑት መንፈስ ክህልወና ጐይታ ይደልየና። ከምዚ ዝበለ ቅጥቁጥ መንፈስ ክንነቅሕ ይሕግዘና እዩ። ሓጢኣት ኣይገበርናን ንኸውን፡ ግናኸ ኩሉሳዕ ስለ ሓጢኣት ክንጉሂ ይግብኣና። ➔

ከምዚ ዓይነት መንፈስ ኣብ ዘለዎ ህልውና ኣምላኽ ኣሎ። እግዚኣብሄር ደጋጊምና ብምንሳሕና ባህ ኣይብሎን እዩ፡ ምኽንያቱ ንሱ ጥራይ ኣኻሊ ኣይከውንን፡ ካብኡ ብዝበለጸ ብቅጥቁጥ መንፈስ ክንመላለስ ይደልየና።ከምዚ ዝበለ መንፈስ ጥራይ እዩ ነቲ ንመንፈስ ቅዱስ ዘንጊ ግብሪ ንእኡ ኣለሊና ክንንኺ ዝገብር። እዚ ኸምዚ መንፈስ፡ ኣብቲ ጌጋ እንገብረሉ ንጌጋና ክንእመን ይድግፈና እዩ። እዚ ቅጥቁጥ መንፈስ ኣዝዩ ኣድላዩ እዩ፡ ምኽንያቱ ሰብ ጐይታ ተቐቢሉ ምስ ጐይታ ሓደ መንፈስ እኳ እንተኾነ። ንሱ ንሓዋሩ ብድሕሪኡ ዘይወድቕ ኣይኮነን። መንፈስ ክጋገ ይኽእል እዩ(ኢሰ29:24)፡ እንተዘይተጋገየ ኸኣ ኣእምሮ ይጋገ እሞ ነቲ ናይ መንፈስ ሓሳብ ክጠፍእ ይገብር።-**ቅጥቁጥ መንፈስ**፡ ካልኦት ኣባና ዝርእይዎ ጌጋታት ዘይከም ናይ ጐይታ ዘበለ ብኡብኡ ክንእመን ይሕግዘና እዩ።-እግዚኣብሄር ነቶም ቅጥቁጥ መንፈስ ዘለዎም ጥራይ እዩ ዘድሕኖም፡ ነቶም ካልኦት ኣየድሕኖምን እዩ ምኽንያቱ ምስኡ ምውህሃድ የብሎምን። ሎሚ ቅጥቁጥ መንፈስ እንተሎና እግዚኣብሄር ምድሓኑ ከለማምደና እዩ።

## (2)**ስቡር መንፈስ**

*"መስዋእቲ ኣምላኽ ስቡር መንፈስ እዩ። ዎ ኣምላኽ፡ ንስቡርን ቅጥቁጥን ልቢ ኣይትንዕቖን ኢኻ።"(መዝ51:17)።*

ስቡር መንፈስ ከመይ ዝበለ እዩ፤ ስቡር መንፈስ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝንቅጥቀጥ እዩ።ሓጢኣት ምስ ገበርና ኣብቲ ናይ ውሽጥና ክሽበደና ግድን እዩ፡ እንተዘይኮነስ ስቡር መንፈስ የብልናን። ጥዑይ መንፈስ ግና- ከም ናይ ዳዊት- ኣብ ጊዜ ሓጢኣት ይስበር እዩ። ንሱር መንፈስ ናብ ኣምላኽ ክትመልሶ ከቢድ ኣይኮነን- ምኽንያቱ ስቡር እዩ።

## (3)**ብመንፈስ ድኻታት**

*"ብመንፈስ ድኻታት መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ፡ ብጹኣን እዮም።" (ማቴ5:3) ።*

ብመንፈስ ድኻ እንታይ ማለት እዩ፤ ብመንፈስ ድኻ ዝኾነ ንርእሱ ገለ ከም ዘለዎ ጌሩ ኣይርእይን እዩ ፡ እዚ እዩ ትርጉሙ። ኣማኒ ንርእሱ ብዙሕ ነገር ከም ዘለዎ እንተ ሓሰበ ሓደጋኡ እዩ። ብመንፈስ ድኻ ዝኾነ ጥራይ እዩ ትሕትና ዘለዎ። ክርስትያን ንእተሞኩሮኡ፡ ንዝኻዕበቶ ከምኡውን ዝገስገሶ ከም ብሉጽ ጌሩ ክስተንትኖን ክዛረበሉን እንተጀመረ ንትሕንትናኡ እዩ ዘጥፍእ። እቲ ኣዝዩ ሓደገኛ ናይ ሓደጋ፡ ክርስትያን ንዝበጽሖ ብጽሕና ከድህብ ከሎ እዩ። ሓደሓደ ጊዜ ኣብ ከምዚ ከይተረድኣካ ትወድቕ ኢኻ። ትሑት መንፈስ የድልየካ ኣብ ከምዚ እዋን። ክርስትያን ንተሞኩሮኡ ኣድሂቡ ብዘይ ምቁራጽ እንተኣንጸባረቐ፡ ብኡብኡ ንመንፈሱ እዩ ዝገዝኡ፡ ብእኡ ኸኣ መርዚ እዩ ዝኾኖ። ብመንፈስ ድኻ ምኧን፡ ንርእስኻ ኣብ እግዚኣብሄር ከተማዕቁብ ይገብር፡ ብመንፈስ ሃብታም ምኧን ከኣ ኣድላይነት እግዚኣብሄር ሓዲግካ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ክትሓስብ ይገብር። ምሉእ ዝኾነ ምድሓን ንኣማኒ ካብ ገዛእ ርእሱ ኣውጺኡ ናብ እግዚኣብሄር የእትዎ። ሎሚ ንሕና ብዝገበርናዮ ዘይኮነ በቲ ካብኡ ንእኡ ብእኡ ዝኾነ፡ ብእኡ እናተመራሕና፡ ብመንፈስ ድኻታት ኮይንና ናብ እግዚኣብሄር ንቐረብ። ተወሰኽቲ ጥቕስታት=

*"ምስቶም ዕቡያት ዘመተ ኻብ ምክፋልሲ፡ ምስቶም መሰኪን ደኣ ብመንፈስ ትሑት ምኧን ይሓይሽ።" (ምሳ16:19)።*
*"ንሰብ ትዕቢቱ የዋርዶ፡ ብመንፈሱ ትሑት ዝኾነ ግና ክብረት ይረክብ።" (ምሳ29:23)።*

## (4)**ዘቃጽል መንፈስ**

*"ንምትጋህ ኣይትተሃከዩ፡ ብመንፈስ ተቓጸሉ፡ ንእግዚኣብሄር ኣገልግሉ።" (ሮሜ12:11)*

ስጋና ገለ ባህ ዝብሎ ይረክብ እሞ ንጊዜኡ እተቓጸለ(እተነቓቕሐ) ይኸውን፡ ግናኸ ቀጻልነት የብሉን። ስጋና ኣዝዩ እተነቓቕሐ እኳ እንተመሰለ ግናኸ ኣብ ሓቂ ኣዝዩ ዝተዳኸመ ኮይኑ ንረኽቦ፡ ምኽንያቱ ንሱ ነቲ ዝሰማምዓሉ ዘበለ እዩ ዘተኩር፡ በዚ ኸኣ ብስምዒት ተደሪኹ ይነቓቓሕ። ስምዒት ኣብ ዝዝሕልን ዝትሕትን እዋን፡ ንእግዚኣብሄር ከገልግል ኣይክእሎን እዩ፡ ስጋ ኣብ ኩሉ እዋን ቀስ እናበለን ክየቋረጸን ንጐይታ ከገልግሎ ዘይክእል እዩ። "እተቓጸለ መንፈስ" ግና ንቐጻሊ ዝኸውን ረብሓ ኣለዎ፡ እቲ ኸምዚ ዓይነት ዘለዎ ንጐይታ ክሳዕ መወዳእታ ከገልግሎ ብቑዕ እዩ። ናይ ስጋ ምንቅቓሕ ሓዲግና፡ መንፈስ ቅዱስ ንናይ ውሽጢ ሰብና ክመልኦ እሞ ከቀጻጽለና ንፍቀደሉ። ሽዑ፡ ኣብቲ ስምዒትና እኳ ዝዝሕለሉ እዋን፡ መንፈስና ኣይክዝሕልን እዩ፡ ኣብ ዕዮ ጐይታ'ውን ደው ኣይክብልን'ዩ።

እዛ ጥቕሲ ትእዛዝ እያ፡ ስለዚ እቲ እተሓደሰ ፍቓድና ነዛ ትእዛዝ ክወስዳ ይግባእ፡ እተቓጸጸልና ንምኧን ክንመርጽ ንለማመድ። ስጋና ምግዳስ እንተኣበየ፡ በቲ ዛሕሊ ስጋና ከይተዓብለልና ንኹለንትናና እተቓጸጸለ መንፈስ ክቆጻጸረና ንፍቀደሉ። ኩሉሳዕ ንጐይታ ኣተኩርካ ምግልጋል ምልክት እተቓጸለ መንፈስ እዩ።

## (5)**ሕጉስ መንፈስ**

*"መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኸ፡ በቲ መድሓንየይ፡ ባህ ይብሎ።"(ሉቃ1:47)።*

ክርስትያን ስለ ገዛእ ርእሱ፡ ትሑት መንፈስ ይሃልዎ፡ ስለ እግዚኣብሄር ግና ሕጉስ መንፈስ ይሃልዎ። ስለገዛእ ርእሱ፡ ስለ ዘሐጉስ ተሞክሮ፡ ዕዮ፡ በረኸት፡ ወይ ኩነታት ዘይኮነ፡ እግዚኣብሄር ማእከል ናይ ህይወቱ ብምኧኑ ይተሓጐስ።ብሓቂ፡ ንኣማኒ ብዘይካ እግዚኣብሄር ካልእ ዘሐጉስ የለን።

ኣብቲ መንፈስና ክንዲ ብእግዚኣብሄር ዝሕጐስ፡ ብነገራት ክጉህን ክኽበዶን ክጭነቕን ከሎ ምርሒት መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝስእን። ኣብቲ ከምዚ እዋን ሕጉስ መንፈስ ኣጥፊእና ከም ዘሎና ነስተውዕል። እቲ ሓደ ካብ ፍረ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ፡ ሕጉስ መንፈስ ክወሃበና ንለምን። ካብቲ ኩነታት ንምምላጥ ብጐይታ ንተሓጐስ፡ እግዚኣብሄር ሓያልን መድሓኒናን ብምኧኑ ንተሓጐስ። ገሊኦቶም ነዚ መንፈስ ናይ "ሃሌሉያ መንፈስ" ኢሎም እዮም ዝጽውዕዎ፡ ሓቂ እዩ፡ ካብ መንፈስና 'ሃሌሉያ' ዝብል ቃና ክርሕቕ የብሉን።

## (6)**መንፈስ ሓይሊ**

*"ኣምላኽሲ መንፈስ ሓይልን ፍቕርን ቅጽዓትን እምበር፡ መንፈስ ፍርሃት ኣይሃበናን።"(2ጢሞ1:7)።*

ኣሕዋተይ ነስተዕል፡ ፍርሃት ትሕትና ኣይኮነን። ትሕትና ኣብ ገዛእ ርእስኻ ፈጺምካ ዘይምምትኳር፡ ንክልቴኡ ንድኻምካን ንብርታዔኻን ምርሳዕ እዩ። ፍርሃት፡ ንኹሉ ድኻመታትካ ምዝካር እዩ። ስለዚ ፍርሃት ንርእስኻ ምጥማት እዩ። እግዚኣብሄር፡ ብሓደ ወገን ስለቲ ባዶነትና ኣብ ቅድሚኡ ብፍርሃት ክንቀርብ ይደልየና፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ብከኣልነቱ ተቢዕና ክንጥሕስ እዩ ዝደልየና። እግዚኣብሄር ንኣና፡ ከይፈራህና ንምስክሩ ክንጸውር፡ እንተ ተሰቀናን ስሌኡ እንተ ተዋረድናን ብትብዓት ክንመላለስ ይደልየና። ኩሉ ሳዕ ብፍቕሩን፡ ጥበቡን፡ ሓይሉን ክንተብዕ ይደልየና። ስለ ጐይታ ዘሎና ህይወት እንተ ዘሓለ፡ መንፈስና እቲ ንቡር ክውንነቱ ሓዲጊ ከም ዘሎ ንፍለጥ፡ ንመንፈስና ካብዚ ፍርሂ ክወጽእ 'መንፈስ ሓይሊ' ክወሃበና ንጸሊ።

መንፈስ ሓይልን፡ ፍቕርን፡ ቅጽዓትን ክህልወና የድልየና ኣሎ። መንፈስና ክሕይል ኣለዎ፡ ግናኸ ናብ ጥርዚ ዘይምፍቃር ክበጽሕ የብሉን። ህዱእን ለዋህን 'ውን ክኸውን ኣለዎ፡ እንተዘይኮነስ ብቐሊል ዝልዓዓል ክኸውን እዩ። ክህልወና ዘለዎ መንፈስ ሓይሊ ናብ➔ጸላኢና፡ መንፈስ ፍቕሪ ናብ➔ሰባት፡ ከምኡውን መንፈስ ቅጽዓት(መንፈስ ርእስኻ ምግታእ) ናብ➔ገዛእ ርእስና፡ እዩ።

## (7)**ህዱእ መንፈስ**

*"ስልማትክን እቲ ብሕቡእ ናይ ልቢ ሰብን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቡር ዝኾነ ለዋህን ህዱእን መንፈስ ይኹን" (1ጴጥ 3:4)።*

ኣብዛ ጥቕሲ እቲ ቀንዲ ዘድልየኒ ሓሳብ እየ ወሲደ ዘለኹ። እዛ ጥቕሲ ንደቀንስትዮ ኣሓት ብቐጥታ እተጻሕፈት እኳ እንተኾነት ንደቂ ተባዕትዮ ኣሕዋት'ውን ትሰርሕ እያ። ➔

ገላ6፡1 *“ብህዱእ መንፈስ ጌርኩም ኣቕንዕዎ።”* እዚ መልእኽቲ ናይ ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ጉቡእ እዩ። ሰላም ዝመልአ መንፈስ ንብመንፈስ ዝመላለስ ሰብ ኣገዳሲ እዩ፡ ብዘይ እዚ ናብ ሓጢኣት እዩ ዝወድቕ። ህዱእ መንፈስ ዘለዎ ሰብ ንድምጺ መንፈስ ቅዱስ ክሰምዕ ይኽእል፡ ንፍቓድ ኣምላኽ ይእዘዝ፡ ነቲ ከነስተውዕሎ ዘይንኽእል የስተውዕሎ እዩ።

## (8)<u>እተሓደሰ መንፈስ</u>

*“ሕጂ ግና ብኣረጊት ንብረት ፊዴል ዘይኰነስ፡ ብሓዳስ ንብረት መንፈስ ክንግዛእ፡ ካብቲ ሒዙና ዝነበር ሕጊ ሞይትና ኻብኡ ተፈታሕና።” (ሮሜ7፡6)*

እዚ ኸምዚ መንፈስ ኣብ መንፈሳዊ ህይወትን ጉዕዞን ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ዘይተሓደሰ(ዝኣረገ) መንፈስ ብኣገልግሎቱ ንሰባት ክትንክፍ ኣይክእልን እዩ። ሓሳባት ጥራይ እዩ ከመሓላልፈሎም ዝኽእል። ዝኣረገ መንፈስ፡ ዝኣረገ ሓሳባት ጥራይ እዩ ዘለዎ፡ ፍሉይ ህይወት ካብ ዝኣረገ መንፈስ ክርከብ ኣይክእልን እዩ። ካብ ዝኣረገ(ዝደኸመ) መንፈስ ቃል ኮነ፡ ትምህርቲ፡ ሓሳባት፡ ህይወት ኩሉ ኣረጊትን፡ ዝጨነወን፡ ልምድን እዩ። ከምውጽኢቱ ብዙሕትምህርቲ ኣብ ኣእምሮ ኣማኒ ይበጽሕ ይኸውን፡ ግናኸ ንመንፈሱ ዘይትንኪ እዩ፡ ናይዚ ምኽንያት ከኣ ዘይተሓደሰ መንፈስ ብምኳኑ ንመንፈስ ክትንኪ ኣይክእልን እዩ። ሓንሳእ ተሓዲሱ ይኸውን፡ ግናኸ ኩሉሳዕ እንተዘይተሓዲሱ፡ ነቲ ቀደም ዝጠዓሞ ጥዑም ነገር ይዝክር እዩ ዘሎ፡ ከምዚ ኸኣ ካብ ኣእምሮ ጥራይ ዝምንጩ እዩ።

ብዙሕ ሳዕ፡ ገለ ክርስትያናት ኣለው ኩሉ ሳዕ ክንረኽቦም ከሎና ገለ ሓድሽ ካብ ጐይታ የስምዑና፡ ምስኣቶም ክንከውን ከሎና ሕጂ ካብ ጐይታ ዝመጹ ኮይኖም እዩ ዝስምዓና። ናብ ጐይታ ኸኣ ይመልሱና። እዚ እዩ እተሓደሰ መንፈስ ማለት፡ ካልእ ዝኣረገ እዩ። እዞም ከምዚኣቶም ኩሉሳዕእተሓደሰ ሓይሊ እዮም ዝለማመዱ፡ ከም ንስሪ በኽናፍ ይድይቡ፡ ይጐዩ እሞ ኣይሕለሉን፡ ይኸዱ እሞ ኣይደኽሙን።

ኩሉ ሳዕ መንፈስና ክሕደስ ኣለዎ፡ ውሽጣዊ ሰብና ብጐይታ እንተዘይተሓዲሱ ንሰባት ንበረኸት ክንኮኖም ኣይክኣለናን እዩ። ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ሓድሽ ካብ ጐይታ ኢና ክንቅበል ዘሎና፡ ከምዚ ዝበለ ህይወትን ተሞክሮን ኤርሩኒ ምባል ዝኣረገ ጊዜኡ ዝሓለፈን እዩ። ውሽጣዊ ሰብና(መንፈስና) ብዘይ ምቁራጽ ሓድሽ(fresh) ክኸውን እንተኾይኑ ናብ ጐይታ ቀጻሊ ንቕረብ፡ ሓድሽ ህይወት፡ ሓድሽ መንፈስ ክወሃበና እዩ። **ብመንፈስ ተመላለሱ!** ---//---

# ናይ ዘለኣለም ህይወት ክትረኽቡ ንእትደልዩ

የሱስ የፍቅረካ እዩ!! የሱስ የፍቅረኪ እዩ!!

እግዚኣብሄር የፍቅረካ እዩ፡ ዘለኣለማዊ ህይወት ድማ ክህበካ የድሊ እዩ፡ ግን ካባኻ ዝድለ ነገር ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ፡--

“ኩሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም” ይብለና እዩ እሞ፡ ሓጢኣተኛ ምኳንካ እመን። ንእሽቶይ ሓጢኣት ዝብሃል የለን ኩሉ ሓጢኣት እዩ፡ ሓሶት፡ ሕሜት፡ ምንዝር፡ ስርቂ፡ ቅትለት፡ ኩሉ ሓጢኣት እዩ። ዓስቢ ሓጢኣት ሞትዩ(ካልኣይ ሞት)፡ ካብ እግዚኣብሄር ተፈሊኻ ኣብ ገሃንም እሳት ንዘለኣለም ክትድርበ ማለት እዩ።

* የሱስ ክርስቶስ ክፈርድ ክመጽእ እዩ። ነቶም ዘይተቐበልዎ ክፈርድ ዝመጽእ የሱስ ጥራይ እዩ።
* እዚ ዘሎናዮ ጊዜ ግን ናይ ምሕረትን ፍቕርን ዘመን እዩ ክርስቶስ የፍቅረካ ስለዝኾነ ካብዚ ፍርዲ ከድሕነካ ኢሉ ዋጋ ከፊሉልካ እዩ። ኣብ መስቀል ዕዳ ሓጢኣትካ ኩሉ ከፊሉልካ እዩ።
* ስለዚ፡ ንጽባሕ ወይ ካልእ ምኽንያት ከበልካ፡ መዓልቲ ፍርዲ ከይመጸት፡ ንየሱስ ብምእማን ሕጂ ተቐበል። ከምናይ ብሕቲ መድሓኒኻ ጌርካ ተቐበሎ ናብ ልብኻ ጸውዓዮ፡ ብንስሓ ናብኡ ቅረብ።
* የሱስ ከምዚ ይብለካ፡- “ኣነ ብርሃን ዓለም እየ፡ እቲ ዚስዕበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር፡ ብጸልማት ኣይኪኸይድን እዩ!!” (ዮሃ8፡12)።

ንየሱስ ይኣምኖየ ምባል ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን፡ ኣሚንካ እንተዘይስዓብካዮ ኣይክትድሕንን ኢኻ!!

* የሱስ “መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ፡ ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን።” ይብል (ዮሃ14፡6)።
* “እቲ ደገ ኣነ እየ። ብኣይ ዚኣቱ ኺድሕን፡ኪኣቱን ኪወጽእን መጓሰዩውን ኪረክብ እዩ።” (ዮሃ10፡9)።
* ቃሉ ከምዚ ይብል፡ “ብእኡ ኽንድሕነሉ ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን።” (ግብ4፡12)።
* የሱስ ክርስቶስ ከድሕነካ እዩ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክህበካ እዩ። ንሱ ሓቀኛ ሰላምን ደስታን ኣብ ውሽጥኻ ከውሕዝ እዩ። ንየሱስ ስዓብ፡ ሓጢኣት ምግባር ደው ኣብል።

ሕጂ ከምዚ ኢልካ ጸልይ፡--

“ጐይታ የሱሰይ፡ ሎሚ ናባኻ መጺአ ኣለኹ፡ ንስኻ መድሓንየይ ከምዝኾንካ ይኣምን ኣለኹ፡ ኩሉ ሓጢኣተይ ይቕረ በለለይ፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ሓጢኣት ከይሰርሕ ሓልወኒ። ንህይወተይ ብቓልካ ኣዕብየ፡ ንዘለኣለማዊ መንግስትኻ ብቑዕ ግበረኒ።ኣሜን።”

እምበኣርሲ፡ ድሕርዚ ክትገብሮ ዘሎካ፡ ምስ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ተራኸብ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕልኻ ኣንብብ፡ በብዕለት ጸልይ። ንተወሳኺ ትምህርቲ ድሕነት ብኢመይልካ ክትረክብ ብኣድራሻና ጽሓፈልና ክንሰደልካ/ኪ ኢና።

**ኣድራሻና**

hibret_christians@yahoo.com

-ዘለኩም ርእይቶ ኾነ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሕቶ ኾነ ከተመሓላልፍዎ እትደልይዎ መንፈሳዊ መልእኽቲ ብናይ ኢመይል ኣድራሻና ጽሓፉልንና ።

**ክብሪ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ይኹን !!**